# **ህወሓት ካብ ጥምሮ EPRDF ምውጻእ፡**

# **ሳዕቤኑ ኣብ ሓርነታዊ ቓልሲ ኢርትራ፡**

ወያኔ ነዚ ከሓዲ ጉጂለ ህግደፍ ሕጂ እውን ግርም ገይሮም ብዘየዳግምን ብዘይተጸበዮን ንውርድትን ስዕረትን ኣቓሊዖሞ ኣለዉ እዛ ብኮረነል ዓቢይ ኣሕመድ እትምራሕ ዘላ ኢትዮጵያ ሓንትን ጥምርትን ነይራ እንተ ትኾውን ፡ ጉጂለ ህግድፍ ብቀሊሉ ልዑላውነት ሃገረ ኤርትራ ኣሕሊፉ ክህብ ግዜ ኣይምወሰደሉን ። ኣምላኽ ግን ሕያዋይን ኩሉ ዝከኣሎን እዩ ፡ ብሓጺር ግዜ ዘይፍታሕ ግድል ሂቡዎም ንገዛእ ርሶም ከም ሃገር ቕጻልነቶም ኣብ ስግኣት ወዲቆም ኣሎዉ።

ህወሓት ካብቲ ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ዝመርሕ ዝነበረ ጥምሮ ውድባት EPRDF ከምዝወጸት ብዕሊ ኣብዚ ሓዲሽ ዓመት ዕለት 1/4/2020 ብህጹጽ ጉባኤ ገይራ ኣዊጃ ኣላ። እዚ ኣዋጅ እዚ ምስ ተሰምዔ ኣብ ኤርትራ ጃሱሳት ህግድፍ ዝብሉዎን ዝጨብጥዎን ሲኢኖም ነቲ ኤርትራ ልዑላውነታ ኣብ ሓጺር ግዜ ክውድእዎን ከረክብዎን ዝነበሮም ሕልሚ ርሕቀት ምድርን ሰማይን ኾኑዎም ከም ህበይ ሰማይ ከይወድቆም ተንቓዕሪሮም ይጥምቱ ኣሎዉ። ከም ተቓወምቲ ኣብዚ ግዜ እዚ ሕቶና ፡ ሕቶ ቅዋም፣ ሕቶ እሱራት ፡ ሕቶ ኣሳታፍነት ፡ ሕቶ ወፍሪን ሓቶ ስደተኛታት ፡ ጥራሕ ገርና ክንርእዮ የብልናን ።እዘም ሕቶታት እዚኦም ኣገደስቲ ሕቶታት ኡኻ እንተኾኑ ። ብቀዳምነት ክንርእዮ ዘሎና ምእላይ ናይዚ ህግደፍ ዝብሃል ጉጂለ ኮይኑ ብኩሉ ዓቅምታትና ሎሚ ክንብገስ ኣሎና ። ውድብን ስልጣንን ሃገር ምስ እትህሉወና ጥራሕ ኢና ክንበጽሖ እንክእል ። ምኽንያቱ እዚ ሕጂ ኣብ ኢትዮጵያ ተረኪቡ ዘሎ ዕድል ከይተጥቀምናሉ ከሜጠና የብሉን

ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ኣብ ጎረቤትና ምህላዎም፣ ኣብዚ ግዜ እዚ ነቲ ክንገብሮ እንደሊ ዘሎና ነዚ ከዳዕ ጉጂለ ህግደፍ ምዕላው ወይ ምውጋድ ዓቢይ ዕድል እዩ ።ገለ ገለ ኤርትራውን ንህግደፍ ከም ጺላጦስ ሕጽብ ኢዱ ገይሮም ዝኣምኑ ሓንግሎም በቲ ህግደፋዊ ፕሮፖጋንዳ ስለ ዝሜልኤ ንክሓውዩ ቁዶጥገና/መጥባሕቲ ዘድልዮም እዮም። እዚ ንመብዘሕትና ክርድኣና ዘይክእል ዘሎ እንታይ ረብሓ ሰለ ዘሎዎም እዮም ኣገልገልቲ ናይዚ ሕሱምን ጨኻንን ጉጂለ ኽኮኑ ዝመረጹ ዝብል እዩ ? ኹናት ባድመ ዝበልዖም ኣሸሓት መንኣሰያትና ወያኔ ዲዩ ክሕሟሎም? ባድመ ኣብ ትሕቲ ተሓኤ ከም ዘነበረት ኢሳያስ ምስ ተቆጻጸሮ ንወየኔ ከምዝገደፍሎም ተገደልቲ ህግሓኤ እተገንዘብዎ ኾይኑ ፣ብሰፊሑ ኣብ ዝሓለፈ ግዜ ገሊጾሞ እዮም። ኤርትራውያን ተቀማጦ ባድመ ኣብ ግዜ ረፈረንዱም፡ ከም ኣብ ሜሬት ኢትዮጵያ ዝቅማጡ መንነት ተዋህቡዎም ነይሩ ። ኢሳያስ ስለ ምንታይ ሜሬት ኤርትራ ንትግራይ ሂቡ፡ እንደገና ኹናት ወሊዑ መንእሰይ ኤርትራ ኣጥፊኡ ? ዝብል ሕቶ ክሓቱን ክርድኡን ዘይክእሉ ስለ ምንታይ እዮም? ሰራዊት ወያኔ ኣብ ሜሬትና እንከሎ፡ ዶብና ከይተሓንጸጸ ኣይንዛተን ክብሃል 20 ዓመት ክትዝምሩ ዘኒሕኩም፡ ወያኔ ካብ ስልጣን ካብ ዝእለ ዳርካ 2 ዓመቱ ቀሩቡ ።

ህግድፋውያን ግን እታ ወያኔ እትብል ቓል ምውጽእ ኣፋምስለ ዝኮነት፡ ሰላም ተገይሩ ተባሂሉ ሰራዊት ኮረነል ዓቢይ ኣሕመድ ካብ ምባል ሕጅ እውን ወያኔ ካብ ሜትና ከወጹ እትብል መዝሙር ይዝምሩ ኣሎዉ። እዚ ከኣ ክሳብ ልዑላውነት ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ዝሰጋግሩ ክገድፍዋ ኣይኾኑን። ምኽንያቱ እቲ ካብ 100, 000 ሽሕ ህወት መንእሰያት ክልቲኡ ህዝብታት ዝበልዔ ኹናት ናይ ዶብ ኣይነበረን ክብል ባዕሉ ነቲ ኹናት ዝኣዘዘ ኢሳያስ ኣፍወርቂ ማስክሩዎ እዩ።

ኣብዚ ህወሓት ዘካየዱዎ ህጹጽ ጉባኤ፡ ምስ ሓውዝኮነ ህዝቢ ኤርትራ ዘለዎም ዝምድና ናብ ሰላምን ሕውነትን ከሰጋገር ኩሉ ዝከኣሎም ከምዝገብሩ፡ ብወገን ህዝቢ ኤርትራ እውን ተዛማዲ ስጉምቲ ክውስድ ጸዋዒት ምግራቦም ዝነኣድን ዝምስገንን እዩ። ናይ ታርክ ኣጋጣሚታት ደኣ ኮይኑ እምበር ነዛ ኢትዮጵያ እትብሃል ሃገር ኣብ ኩሉ ግምባራት ኹናት ከም ትግራዋይ ህዝቢ ዝተዋገኣላን ዝሞተላን ዝደሟላን ኢትዮጵያዊ የለን። እንተኮነ ህዝቢ ትግራይ ንግስነት ናብ ኣምሓራ ምስ ከደት ክሳብ ካልኣይ ወያኔ ዝልዓል ብሰንሰለታዊ ናይ ኣምሓራ መሳፍንቲ ጭቆናን ድክነትን ክነብር ተግዲዱ ነይሩ። ነቲ ኩሉ ናይ ሰለማዊ ኣገባብ ቅልሲታቱ ሰሚዒ እዝኒ ስለ ዘይረከበ፡ ከምጎረቤቱን ሓውን ዝኾነ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ዓሚጽን ወጽዓን ሓራ ክወጽእ ብዘይብረት ካልእ ኣማራጺ ኣይረከብን በረኻ ወፊሩ ከኣ ብረት ዓጢቑ።

ህወሓት ከምቲ ኣብ ደምድሚ ኣዋጅ ህጹጽ ጉባኤ ዝገለጹዎ፡ ብረታዊ ቓልሲታት ናይ ክልትኡ ህዝብታት ነቲ ዝነበረ መግዛእታዊ ሓይሊ ብወገና፣ ጨጀኒ ብወገኖም ክድምስሱ በቒዖም እዮም። ሕጂ እውን ከምቲ ዝሓለፈ ተሞክሮ ናይ ክልቲኡ ኣሕዋት ህዝብታት ነዚ ልዑላውነትና ዝፈታተን ዘሎ ዑሱብ ጉጂለ ህግደፍ ንምድምሳስ ምትሕብባር ንረብሓን ጥቅምን ክልቲኡ ህዝብታት ኤርትራን ትግራይን እዩ። እቲ ቀንዲ ከምኤርትራዉያን ምስ ኣሕዋትና ተጋሩ ከዛምድና ዝክእል፡ እቲ ብወገኖም ሃገርና ኤርትራ ብሓይሊ ብረት ነጻ ኣብ ዘወጸትሉ ግዜ ኣብ ዝቀልጠፈ ግዜ ህዝቢ ኤርትራ ብረፈረንዱም ገይሩ ነጻነቱ ክእውጅ ብወገን ጅግና ተጋዳላይን ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ዝነበረ ማለስ ዜናዊ እተውስደ ተባዕ ስጉምቲ ነይሩ። ኣብቲ ግዜ እቲ ሓድሓደ ኤርትራውያን ብደምና ዘምጻእናያ ሀገር ረፈረንዱም ዝብሃል ኣይነድምጽን ዝበሉ ነይሮም። እንትኮነ 99.9% ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ቅድሚ ወኪል ሕቡራት ሃገራት “እወ” ንናጽነት ክብል ድምጹ ኣስሚዑ እዩ። እዚ ከኣ ነቅ ዘይብል ማሰረት ልዑላውነትና እዩ። ሕጂ ከኣ ሓድሓደ ኢትዮጳያውያን ብተግባራት ናይዚ ከሓዲ ኢሳያስ ኣፈወርቅ ተተባቢዑም ኤርትራ እትብሃል ሃገር ክትነብር ኣይንፈቅድን እንተበሉ፣ ክሓልም ዝደለየ ኣይትሕለም ኣይብሃልን ከም ኤርትራውያን ግን ነቲ ዝብሃል ዘሎ ኣብ ሚዛን ኣውዲቕና ክንመዝኖን እቲ ዝግብኦ ምድላዋት ክንገብር ግድነት ኣሎና።

ስለዚ ህዝባዊ ወያኔ ሓርነት ትግራይ ነቶም ኣብ ሳሕል ምስ ተጋድልቲ ህዝባዊ ግምባር ፣ሓራ ደጀን ሰውራ ኤርትራ ክይድፈርን ሰውራ ናይ ክልቲኡ ህዝብታት በርዒኑ ከይተርፍን ክቡር ህወቶምዝኸፈሉ ኣሻሓት ደቆም፥ ማስዋእቶም ምኽኑይ ኣይነበረን ወይ ኣይከሰርናን ኣይበሉን ። ሕጂ እውን እቲ ናይ ሓባር ጥቅሚህዝቢ ኤርትራን ትግራይን በዚ ሕጂ ዘሎ ወለዶ ክድልድልን ክድበስን ኣሎዎ ካብ ኩለን ናይ ኢትዮጵያ ክልላት ፣ እታ ምሳና ዝነ ውሔዶብ ዘለዋ ክልል ትግራይ ብኩሉ ሜዳይቱ ማለት ባህልን ቛንቛን ሃይማኖትን፣ ምስ ተዛረብቲ ትግርኛ ጥራሕ ዘይኮኑ ፣ምስ ብሔራት ኩናማን ኢሮብ ኣብ ዶባት ናይ ክልቲኡ ሃገራት ኤርትራን ኢትዮጵያ ዝነ ብሩ ተዋልዶምን ተዛሚዶምን ይነ ብሩ ኣለዉ ።

ኣብዚ ብንጹር ክገልጾ ዝደሊ ኣብ መንጎ ህዝቢ ኢትዮጳያ ኤርትራን ሰላም ክነግስ እንተኾይኑ ፡ እብዛ ኢትዩጵያ እትብሃል ህገር እቶም ደለይቲ ሰላም ዝኮኑ ዜጋታታ፣ ነቶምኣብ ሕልሚወራር ዝነ ብሩ ዜጋታቶምሀ ሁ ብዛዕባ ማሳልን ክብሪ ጎረቤት ሃገር ክምህሩዎምን ከረድእዎምን ይግባእ። ዝበዚሕ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብዛዕባ ታሪኽ ኤርትራ ኣፍልጦየ ብሉን ። ከምኤርትራውያን ፣ንህዝቢ ኢትዮጵያ ብዛዕባ ደላይ ሰላምዝኾነ ኤርትራዊ ባህሊ ክነረዶኦምክነ ፍልጦምን ክንጽዕር ከኣ ኣሎና ።

መተሓሳሰቢ

ኣብ መንጎ መግስታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ብፍላይ ኣብ መንጎ ህዝቢ ኤርትራን ትግራይ ማእለያ ዘይብሎም ግፍዕታት ተፈጺሞም እዮም ። ኹናት ንዝሰዓረን ዝተሳዕረን ብሜዕረ ሰብኣውን ንዋታውን ጉድኣት ኣሎዎ ። ስለዚ ነዞም ገዳያት ኹናት ዝኾኑ ዜጋታት ክልቲኤን ሃገራት ክሕውዮምዝክእል ብማእከልነት ነጻ ዝኾነ ኣካል ተጸኒዑ ናይ ህወትን ንብረተን “ካሓሳ” ምክፋል ይግባኣ ምክንያቱ ዝሞተ ክምለስ ኣይኾንን ፣ ከምኡ ዝሰንከሉን ኣካላቶም ዝጎደሉን ንብረቶምእተዘምቱን ብገንዘባዊ ካሓሳ ጥራሕ ክሕውዩ ኣሎዎም። እቲ እተፈጸመ ንረሰዓዮ ኣይኾንኩን ዝብል ዘለኦኹ፣ እንታይ ደኣ ምሩኻት ናይ ዝሓለፈ ምኧን ንቅድሚት ክሰጉሚና ኣይኾነ ን ከምቲ ኣበውዝበሉዎ “ ኣብ ጎባ ዘሎ ንፋስ ፡ ኣብ ሩባ ዘሎ ውሕጅ ይሰዶ “ ክብሉ እንከለውዕርቂ ስለ ዝሚረጹ እዮም። ኣንነትን ትዕብትን ገዲፍና ዕርቂ ንምረጽ !

ዝክሪ ነቶምምእንቲ ፍትሕን ሰላምን ዝወደቁ !

ኣምላክ ኤርትራ ሃገርና ይባርኽ !

**ክብሮምግረነት ,**

1/17/20